# <u>ሜሊሲ ንቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ</u>



**ዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ**

ናይ ቐጠር ተለቭዥን "ኣልጀዚራ" ብ22 ታሕሳስ 2016 ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ሃይለማርያም ደሳለኝ ብዙሕ ታሪኻዊ ጌጋታትን ፖለቲካዊ ምድንጋራትን ዝሓዘ ቃለ ማሕተት ኣካይዳ ነይራ። ስለዚ ከኣ ነገራት ብምንጻር ቅኑዕ ሚዳእታ ንምሃብ ብዛዕባ'ቲ ዝተዛረቦ ማሕረታዊ ጉዳያት ከነቅርብ ንፈቱ።

**ቀዳማይ፡-** ብኣንጻር ናይ'ቲ ጋዜጠኛ "ኣልጀዚራን" ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያን ዘለዎም ጉጉይ ሚዳእታ ብታሪኻዊ መዳይ ሓበሻ ዝብል ቃል ነዛ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ዝምልከት ኣይኮነን። ኢትዮጵያ ዝብል ስም ካብ 19 ክፍለ ዘመን ብፍላይ ከኣ ካብ እዋን ማስራቲ ኢትዮጵያ ሃጻይ ምኒሊክ ካልኣይ ዝጀመረ እዩ። ሓበሻ ግን ንኸለን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ መንጎ ሜፈስታ 19 ክፍለ ዘመን ዕስራ ክፍለ ዘመን ናይ ሎሚ ዶባተን ቅድሚ ምንጻሩ ዝወሃበን ዝነበረ ስም እዩ። ከም ዝፍለጥ ኢትዮጵያ ህልዊ ዶባዊ ሜልከዓ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ማለት ፋሽስታዊት ኢጣልያ ምስ ተሳዕረት ብተጽዕኖ ኣሜሪካ ናይ

ሶማል ኦጋዴን ብ1954 ብብሪጣንያ ናብ ኢትዮጵያ ምስ ተጸንበረ'ያ ክትሕዝ ክኢላ። ምኽንያቱ ብሪጣንያ ኣብ'ቲ መጀመርታ ዞባ ኦጋዴን ናብ ሶማል ክምለስ'ያ ትደሊ ነይራ። እዚ ታሪኻዊ ሓቂ'ዚ ከምቶም ቅድሚ ንጎረባብቲ ሃገራት ንኢትዮጵያ ዘሳቐዩ ተኸታተልቲ ስርዓታት ኣዲስ ኣበባ ዝኸተልዎ ኮነ ኢሉም ክትምይኑ ዝደልዩ ሽነኻት እንተዘይኮይኖም ዘየካትዕ ምዝጉብ ታሪኻዊ ፍጻመ እዩ።

**ካልኣይ፦** ነቶም ሜጨት ስዑዲ ዓረብ ምስ ጸበበቶም ዝፈለሱ ስሓባ፡ ከምቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ሃይለማርያም ደሳለኝ ዝበሎ ኢትዮጵያ ዘይኮነትስ፡ ኤርትራ'ያ ተቀቢላቶም። መደበር ባሕሪ ነጋሲ ድማ ከምቲ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ዝብልዎ ኣኽሱም ዘይኮነስ፡ ኣብ'ታ ካብ ዋና ከተማ ኣስመራ 25 ኪሎ ሜተር ርሒቃ እትርከብ ድባርዋ ከም ዝነበረ ታሪኻዊ መርትዖታት ዘረጋግጹ እዩ።

**ሳልሳይ፦** ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ እዚ ካብ መጨረስታ 2015 ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ዝቅጽል ዘሎ ህዝባዊ ተቓውሞ ካብ ድኽነት ዝመንጨወን ኣብ ትሕቲ ድኽነት ዝነብሩ 22 ሚልዮን ኢትዮጵያውያን ከምዝለዉን ገሊጹ ነይሩ። እንተኾነ ግን እቲ ሓቀኛ ጠንቂ ድኽነት ኣይኮነን። እኳ ደኣ ካብ'ቲ ተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ሃጸይ ሃይለ ስላሰ 1916–1974፡ መንግስቱ ሃይለማርያም 1974–1991፡ መለስ ዜናዊ 1991–2012፡ ሃይለማርያም ደሳለኝ 2012 ክሳብ ሕጂ ዝኸተልዎ ፖሊስታት ዝመንጨወ ነባሪ ጸገም እዩ። ከም ዝፍለጥ ህልዊ ሽግር ኢትዮጵያ፡ መንግስቲ ንስቡሕ ናይ ሕርሻ ሜሬት ካብቶም ሂውቶም ዝኸፈልሉ ኢትዮጵያውያን ሓረስቶት መንዚዑ ንናይ ወጻኢ ሃገራትን ኩባንያታትን ምስ ሸጦን

ኣካረዮን ዝተወልዐ እዩ። ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ ብሚሂሕነት ሃይለማርያም ደሳለኝ ኣብ ክልላት ኦሮሞን ኣምሓራን ሓለፍቲ ክቅይሩ ምስ ወሰኑ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ናይ'ዚ ንሃገር ናብ ድኽነትን ጥሜትን ወድቀትን ሸሚሞዋ ዘሎ ስርዓት ምቅያር እምበር ናይ ወልቀ-ሰባት ምቅያር ኣየድልየናን'ዩ ክብል'ዩ ማሊሱ።

**ራብዓይ፡-** ሓደ ካብ'ቲ ዘገርምን ዘደንጹን ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ኤርትራ ንጸጥታን ርግኣትን ኢትዮጵያ ትህውኽ ኣላ ምባሉ እዩ። እቲ ሓቂ ግን እዚ ዝስዕብ እዩ።

1- ኢትዮጵያ ነቲ ናይ ሜጨፈስታትን ቀያዲን ወሳነ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ምትግባር ሓንጊዳ ኣላ። በቲ ወሳነ ክትምእዘዝ ብወድብ ሕቡራት ሃገራትን ባይቶ ጸጥታን ንዝቀረበላ መጸዋዕታታት ጸማም እዝኒ ብምሃብ ድማ ነቲ ኣብ ኤርትራ ብፍላይ፡ ኣብ ዞባና ድማ ብሓፈሻ ክትትግብሮ እትደሊ ኣጀንዳን ብወከልና ንናይ ካልኦት ረብሓ ንምግልጋልን ምእንቲ ናይ ኣይከፍናት ኣይሰላም ሃዋሁው ንምቅጻል ትሰርሕ ኣላ።

2- ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ከምቲ ኣብ "ቃለ-ማጠይቑ" ምስ ኤርትራ ዘሎ "ዶባዊ ፍልልይ" ብማዲ "ዘተ" ክፈትሖ ከም ዝደሊ ምግላጹ ከም ፓፓጋሎ ነቲ ማምህሩ ማለስ ዜናዊ ዝማሃሮ ቅሉዕ ጸወታ ጥራይ'ዩ ዝደጋግም ዘሎ። ብ13 ሚያዝያ 2002 ናይ ሜጨፈስታን ቀያዲን ወሳነ ኮምሽን ዶብ ድሕሪ ምወጽኡ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዶባዊ ፍልልይ ዝበሃል የለን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ዓንድታት ዶብ ኣብ ባይታ ንምትካል ምስ ነጸገ፡ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ብ2007 ብማዲ ቨርጆዋል ዲማርከሽንን ካርታታትን ኣሚልኪቱዎ እዩ። እዚ ድማ ንዶብ

ክልቲአን ሃገራት ብዝምልከት ከም ሕጋዊ መወከሲ ሰነድ ኣብ ወድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ተታሒዙ ኣሎ። ኢትዮጵያ ድማ ከም ኤርትራ ነዚ ኣህጉራዊ ሕጋዊ ዶባዊ ሰነዳት ተረኪባቶ እያ። እቲ ሓቂ ከምዚ ዝተጠቕሰ ካብ ኮነ እምበኣር፡ ብዛዕባ ሓደ ሓንሳብን ንሓዋሩን ዝተዓጽወ ሕጋዊ ፋይል ክትዛተ ምኽኑይ ኣይኮነን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ብ13 መጋቢት 1998 ኲናት ቅድሚ ምውላዑ "ዶባዊ ፍልልይ" ንምፍታሕ ዘተ ምክያድ ይከኣል ነይሩ። መንግስቲ ኤርትራ'ውን ነቲ ኲናታት ንምቁጽጻርን ኲናት ንኸይወላዕን ጭቡጥ ዲፕሎማስያዊ ጻዕሪታት ኣካይዱ እዩ። እንተኾነ ግን መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኩሉ ጻዕሪታት ኤርትራ ስለዘምከኖ እቲ ብወገን ኤርትራ ዘይተደልየ ኲናት መጺኡ። ስለዚ ከኣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣልዒሉዎ ዘሎ ጭርሖ "ወርወርታ ዘተ" ንዝኾነ ከደናግር ዝኽእል ኣይኮነን። ንምዉት ነገር ሂወት ንምዝራእ ዝግበር ፈተነ'ዩ። ዕላማ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ተጨሪሹ ዝተዓጽወ ሕጋዊ ሰነድ እንደገና ንምኽፋት፡ ናይ ዘተ ፕሮፖጋንዳ ብምክያድ ሓላፍነታዊ ኮይኑ ንምቕራብ ብሓደ ወገን፡ ኤርትራ ዘተ እንተ ነጺጋ ድማ ናብ ጸቢብ ዓንኬል ንምእታዋ በቲ ካልእ፡ ምዃኑ ርዱእ እዩ። ልክዕ'ዩ ገለ ሃገራት ጉዳያት ምስ በርሃለን ተመሊሰን እምበር፡ ኣብ መጀመርታስ ንጭርሖ "ወርወርታ ዘተ" ደጊፈንኦ እየን። ገለ ሃገራት ድማ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ናብ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ዘተ ሓሳብ ከቕርብ እንተ ደኣ ኮይኑ ካብ'ቲ ድሕሪ ወሳነ ኮምሽን ዶብ ጎቢጦዎ ዘሎ መሬት ኤርትራ ክስሕብ ቅድመ ኩነት ኣቕሪበናሉ። ሕጂ ግን እቲ ጉዳይ ስለዝበርሀ ብዛዕባ ዘተ ዝዛረብ የለን። እቲ ቃለ መጠይቕ ዘካየደ ጋዜጠኛ ግን ብዛዕባ ኩነታት ኢትዮጵያ ይኹን ኣብ

መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዘሎ ዶባዊ ፍልልይን ካልእን ከምኡ ድማ ብዛዕባ ወሳነ ኮሚሽን ምምልካት ዶብን ዝፈልጥ ኣይመስልን። እዚ ድማ ንባዕሉ ካልእ ጸገም እዩ።

3- ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ዶብ ኤርትራ ኣንጻር ሰላማውያን ዜጋታት ግብረሽበራዊ ስርሒታት ንምክያድን ጸጥታን ርግኣትን ኤርትራ ንምዝራግን ዘገልግልዎ ጠለማት፡ ከዳዓት፡ ስዑራት፡ እስላማውያንን ተንበርከኽትን ባእታታት ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ወገናውያንን ዓሌታውያንን ባእታታት ድማ ኣብ መቐለ ሓቂፉ ክሕግዞም ይርከብ ኣሎ።

4- ሓይልታት ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ ኤርትራ ብስሩዕ ዝካየድ ዘሎ መደባት ልምዓት ንምዕንቃፍን ወጥሪን ህወከትን ንምፍጣርን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ዕርዲታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ናይ መጥቃዕቲ ስርሒታት ከካይድ ይርከብ።

ብ12 ሰነ 2016 ሓይልታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ግንባር ጾሮና ደቡብ ኤርትራ ዘሎ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ማጡነ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ከፊቱ። እቲ ወጽኢት ድማ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዓቢ ክሳራ ስለዘስዓበ ንኸምዚ ዓይነት ዕንደራዊ ስጉምቲ ሽሕ ግዜ ከይሓሰበሉ ክወስድ ከምዘይክእል ገይሩዎ እዩ። እዚ ግን መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዝወስዶ ወሳነታት ልቦናዊ ኣተሓሳስባ እንተ ተዓዲሉዎ ጥራይ እዩ። ይኹን'ምበር ኤርትራዊ ወገን ኣተሓሳስባን ኣገባብ ስራሕን ሰበስልጣን ኢትዮጵያ ጽቡቕ ገይሩ ስለዝፈልጦ ብሓላፍነታውን ክውንነታውን መንፈስ ይሓስቡ'ዮም ኢልካ ምግባት የዋህነት ጥራይ እዩ።

5- ዝሓለፈ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ስርዓት ኤርትራ ቀዲሩ ኣብ ክንድኡ ነቶም ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሩ ዝርከቡ

ሃሱሳት ኣብ ስልጣን ንምምጻእ ክሰርሕ ምኻኑ ብወግዒ ኣዊጁ ነይሩ። እዚ ሕጂ ዘሎ ቀዳማይ ሚኒስተር መንግስቲ ኢትዮጵያ'ውን ኣሰር መምህሩ ተኸቲሉ ከምዝኸይድ ብተደጋጋሚ ክገልጽ ከሎ፣ ነዚ ድማ ኣብ'ቲ ምስ ተለቭዥን ኣልጀዚራ ዝገበሮ ቃለ መጠይቅ ብልዑል ስምዒት ገሊጹዎ እዩ።

**ሓመቕይ፡-** ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ቅንጣብ ሕልና እንተ ዝህልዎ ነይሩ፡ ተቢዑ ኢትዮጵያ ዝምድናኣ ኣብ ወሽጣዊ ጉዳይ ናይ ካልኦት ሃገራት ዘይምእታውን ሓድሕዳዊ ምኽብባርን ሓባራዊ ረብሓን ኣብ ዝብሉ መትከላት ዝተሰረተ'ዩ ኢሉ ኣይምተዛረበን ነይሩ። ምኽንያቱ ኣጀንዳ ኢትዮጵያን እቲ ብወኪልና ዘካይዶ ስራሕን ምስ መንፈስን ትሕዝቶን ናይ'ቲ ብትምክሕቲ ዝገለጾ መትከላት ዝጻረር ስለዝኾነ። ኣብነት ንምጥቃስ፡

1- ተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ወሽጣዊ ጉዳይ ሶማል ብምእታው ኣብ 27 ጥሪ 1991 ስርዓት ሶማል ከም ዝወድቕ ገይሮም። ኣብ እዋን መለስ ዜናዊ ይኹን ደሳለኝ ድማ ስምርቲን ሓያልን ሶማል ንኸይትህሉ ኣብ "ላንድታት" ብምምቕቓል ወሽጣዊ ጉዳይን መጻኢን ሶማል ተቖጻጺሮም ይርከቡ። እቲ ምኽንያት ስምርቲ ሶማል ንሃገራዊ ድሕነትን ጸጥታን ኢትዮጵያን ዞባ ኦጋዴንን ሓደገኛ'ያ ካብ ዝብል ኣተሓሳስባ ዝብገስ እዩ።

2- ኢትዮጵያ ብ21 ታሕሳስ 2006 ኣብ ወሽጢ ዞባዊ፡ ክፍለ ዓለማውን ኣህጉራውን ስቅታ ንሶማል ብምውራር ተቖጻጺራቶ። ንናይ ኢትዮጵያ ወራር ኣብ ልዕሊ ሶማል ቀዳማይ ዝኾነ ድማ መንግስቲ ኤርትራ'ዩ ነይሩ።

3- እዚ ሕጂ ዘሎ መንግስቲ ኢትዮጵያ'ዉን ፕሮጀክት ምምቅቃል ሱዳን ክድግፍ ከሎ፡ ብኣንጻሩ መንግስቲ ኤርትራ ፕሮጀክት ሓዳስን ስምርትን ሱዳን እዩ ዝድግፍ።

4- መንግስቲ ኢትዮጵያ ንፈለግ ናይል ሓዊ ንምጥፋእን ሰብን ሜቴን ንምርዋይን ኣብ ክንዲ ዝጥቀሞ ፖለቲካዊ ባርዕ ንምፍጣር'ዩ ዝሰርሖሉ ዘሎ።

እዚ ዝተጠቕሰ ካብ'ቲ ተለቭዥን ኣልጀዚራ ዝፈነዎ ታሪኻውን ፖለቲካውን ጌጋታትን ምድንጋራትን ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ እቲ ዝወሓደ እዩ።

28 ታሕሳስ 2016